Arbetsförmedlingen

# ብቕዓታትካ ኣለልይ

ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ተመኩሮ እንተሎካ: እሞ ንተመኩሮታት ሞያዊ ናብራኻ ኣብ ሽወደን ብኸመይ ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል ክትፈልጥ'ዶ ትደልይ፧

ርእሰ-ግምገማ ብምግባር: ኣብቲ ሞያ እንታይ ከም ዚጥለብ ሓፈሻዊ ስእሊ ኪህልወካ ይኽእል'ዩ።

ነዚ ርእሰ-ግምገማ'ዚ: ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ሽወደን ካብ ዚርከቡ ዓይነታት ሞያ ዚምልከት ቅጥዒ ብምምላእ ኢኻ ኽኣ እትፍጽሞ። እቲ ዚስዕብ ምላሽ: ከም መመርኮሲ ክትጥቀመሉ'ዩ እቲ ሓሳብ፤ ምስ መራኸቢ ስራሕ ዝርርብ ብምግባር ከኣ ክትጥቀመሉ ትኽእል። እቲ ምላሽ: ካብቶም ዚሰማምዑኻ ዕድላት ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ንምምራጽ: ንዓኻን ንቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕን ዕማም የቃልለልኩም። ከመይ ጌርካ ብቕዓታትካ ኣብ ሽወደን ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል፤ ብኸመይ ከም ትቕጽል ሓበሬታ ክትረክብ፤ ትምህርትኻ ክትዛዝም፤ ስራሕ ተልመደን ክትፍትን ወይ ብቕዓትካ ከተርጥብ (validering) ምናልባት ደገፍ የድልየካ ይኸውን።.

እዞም ኣብዚ ርእሰ-ግምገማ ዘለዉ ሕቶታት: ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት ሽወደን ዚቐርቡ ጠለባት ዝተመስረቱ'ዮም። እቲ ምላሽ ከኣ: ኣብቲ ሞያ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ዝተመርኮሰ ይኸውን።

ኵሉ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ኣብ ግምት ይኣቱ። ንብቕዓታትካ እትመዝን ከኣ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ።

## ብቕዓታትካ ንምልላይ: ነዞም ዚስዕቡ መበገሲ ክትገብር ትኽእል ኢኻ:-

### 1: ተመኩሮ እንተ ዘይብልካ

- ምናልባት ጽንሰ-ሓሳባዊ (ቀለማዊ) ትምህርቲ ሃልዩካ ግን ተግባራዊ ተመኩሮ ዘይብልካ ትኸውን

### 2: ውሑድ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ: ካብ ዓመት ዚውሕድ ጊዜ ሰሪሕካ'ለኻ
- ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝነበርካሉ ወቕቲ ፈቲንካ ትፈልጥ ኢኻ

### 3: ዘዕግብ ተመኩሮ

- ዓመት ምሉእ ከም ዝሰራሕካ ዚምስክር መወከስ ወይ ምስክር ወረቐት ኣሎካ
- ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ኣብ ሓያሎ ኣብያተ ስራሕ ሰሪሕካ'ለኻ

### 4: ዓቢ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ እንተ ወሓደ ናይ ሓደ ዓመት ተመኩሮ ኣሎካ

- ተግባራዊ ተመኩሮ'ሎካ፣ ብተዛማዲ ኸኣ ቀልጢፍካ ርእስኻ ክኢልካ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ

**5: ኣዝዩ ዓቢ ተመኩሮ**

- ከም ኣካያዲ ስራሕ: ሓላፊ ወይ ክኢላ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ክትፍተን ትኽእል ኢኻ
- ነቲ ስራሕ ኣብ ምውዳብን ምምዕባልን ተመኩሮ'ሎካ፣ ኣብ ምሕደራውን ኣተኣላልያን ስራሕ'ውን ተመኩሮ'ሎካ
- ኣብቲ መዳይ ስራሕ እቲ ዕማም ብኸመይ ኪዕመም ከም ዘለዎ ኣብ ምሕባር ተመኩሮ'ሎካ፣ መሳርሕትኻ ክተንጥፍን ክተተባብዕን'ውን ትኽእል ኢኻ
- ንዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት/ጉጅለታት/መዳያት ስራሕ/መሳርሕቲ ዘድልዩ መጋበርያታት ኣብ ምውዳብ ተመኩሮ ኣሎካ

ተመኩሮታትካ ብሰፊሕ ክትገልጽ እንተ ደሊኻ: ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ቅጥዒ ዘሎ ንናጻ ጽሑፍ ዘገልግል ባዶ ቦታ ተጠቐም። ምናልባት ኣብቲ ሞያ ተመኩሮ ሃልዩካ ክነሱ ንዕኡ ዚምልከት ሕቶ ኣብዚ ቅጥዒ ርእሰ-ግምገማ'ዚ ኣይቀረበን ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

ትምህርትኻን ተመኩሮታትን ብገለ ኣገባብ ንኣብነት ብምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ'ዶ ከተመስክር ትኽእል፧ ምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ እንተሎካ: ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ብቤት ምኽሪ ዩኒቨርሲቲን ላዕላይ ትምህርትን (UHR, Universitets- och högskolerådet) ኣቢሉ ሰነዳትካ ኣብ ምትርጓምን ምርጣብን ኪተሓጋገዘካ ይኽእል'ዩ።

Tigrinja



## ናይ ርእሰ ገምጋም ኦርነክ

## ተዓሲቡ ሓደ ቦታ ዘጽሪ ሰብ

| ብቕዓታት/ክእለታት | 1-5 (ተመክሮ ኣልቦ – ብጣዕ ሚዓቢ ተመክሮ) |
|---|---|
| 1. ጽቡቕ ክእለት ናይ ኣጋይሽ ኣቀባብላ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 2. ኣብ ሓደ እጻጋሚ ኩነታት ህድኣተይ ኣየጥፍእን ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| 3. ኣብ ወጥሪ እንከለኹ ስርሐይ ክኣልይ ይኽእል | 1 2 3 4 5 |
| 4. ናይ ስራሕ ሃዋህው እንታይ ከም ዝኾነን ትሕዝቶኡን ይፈልጦ ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| 5. ብናይ ሓደ ስራሕ ቦታ ሕግታት ምቕያድ ይኽእል ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| 6. ኣብ ስራሕ ቦታ እቲ ሰፈረይ፣ ጽፉፍን ጽሩይን ገይረ ይሕዞ | 1 2 3 4 5 |
| **ተመክሮ** | |
| 7. ንበይነ ምስራሕን ናይ ውሳኔ ምውሳድን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 8. ምስ ካለኦት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 9. ናይ ብሕቲ ገዛ ናይ ምጽራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 10. ናይ ስራሕ ቦታ ናይ ምጽራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 11. ቤት ጽሕፈት ምጽራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 12. ኣብ ናይ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና፣ ናይ ምጽራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 13. ተመክሮ ምጽራይ ዕላውያን ህንጻታት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 14. ናይ ገዛውቲ ደርብታት ምጽራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 15. ዶሮና ናይ ምስሓብ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 16. ዶሮና ናይ ምንጋፍ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 17. ባይታ ናይ ምውልዋል ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 18. ምውልዋል ዓይነ-ምድርን ኣብ ዓይነ-ምድሪ ዝርከቡ መሕጸብ ኢድን ነብስን፣ ናይ ምሕጻብ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 19. ናይ ሳጹናት ምንጋፍን ምንቃጽን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 20. ክዳን ጣውላ ምንጋፍን ከምኡ እውን ናይ መጋረጃን መንደቕን ምስሓብ ዶሮና ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 21. ኣብ ምጽራይ ንጽህና ኣገዳሲ ከምዝኾነ ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

| | |
|---|---|
| 22. ኣብ ሽወደን ንመጽረይን ንመወልወልን ዘገልግሉ ቀወምቲ ነገራት፣ ኣየኖት ከምዝኾኑን መዓስን ብኸመይን ከምእትጥቀመሎም ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 23. ኣብ ጽርየት ኣየኖት ማሺን ከምእትጥቀም፣ ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 24. ኣቑሑት ናይ ምጽራይን መስመስ ምባልን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 25. ንሃዋህው ዘይጻብኡ፣ ንመጽረይን ንመወልወልን ዘገልግሉ ቀወምቲ ነገራት፣ ኣየኖት ከምዝኾኑ ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 26. ንምንጻፍ ንመጽረይ እንትጥቀመሎም ቀወምቲ ነገራት፣ ኣየኖት ከምዝኾኑ ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 27. ንጽርየት መንደቕ፣ መጽረይን መወልወሊን ዘገልግሉ፣ እንታይ ዓይነት ቀወምቲ ነገራት ከምእትጥቀም ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 28. ከመይ ገርካ ኣቑሑት ገዛ (መንበራት፡ ኩርሲታት ብጨርቂ ዝተሰርሑ ኣቑሑት) ከምእተጽሪ ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 29. ከ ተ ጽ ር ይ እ ን ከ ለ ኻ ኣ የ ኖ ት መከ ላ ኸሊ ከ ዳ ውን ቲ ከ ት ጥ ቀ ም ከ ም ዘ ለ ካ ን ኣ ብ ነ ት፡ ፍሉይ ዝ ኾ ነ ጓ ን ቲ፡ ከ ዳ ውን ቲ ን መከ ላ ኸሊ ኣ ፍ ን | 1 2 3 4 5 |
| 30. ከምይ ገርካ ናይ ፕላስቲክ ባይታ ከምእተጽሪ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 31. ከመይ ገርካ ናይ እምኒ ባይታ ከም እተጽሪ ተመክሮ ኣለኒ (ማርሞ፡ እምኒ ኖራ፡፡ ዓረ ሰሳሕለን) ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 32. ናይ ካይላ ባይታ ከመይ ገርካ ከም እተጽሪ ፍልጠት ኣለኒ (ልባጦ ጥርሙዝን እናተተራኣሰ ንታሕቲ ዝወርድ መንደቕ) | 1 2 3 4 5 |
| 33. ናይ ዕንጨይቲ መሬት፣ ከመይ ከምዝሪ ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 34. ኣብ ናይ ህንጻ ቦታ ስራሕ ናይ ምጽራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 35. ኣብ ሓደ ናይ ህንጻ ቦታ ስራሕ ከመይ ገርካ ባይታ፡ መናድቕ፡ ናሕሲን ኣቑሕትን ከምዝጽረ ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 36. ተሰሪሖ ዝተወደአ ህንጻ፡ ቤት ጽሕፈት ወይ መቐመጢ ገዛ ናይ ምጽራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 37. ኣብ ናይ ምንዳቕ ቦታ እንታይ ዓይነት፣ ንመጽረይን ንመወልወልን ዘገልግሉ ቀወምቲ ነገራትን፣ ካለኦት ስነ ቀመማውያን ፍርያት ከምእትጥቀም ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 38. ናይ ጥርሙዝ መስኮት ናይ ምሕጻብ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 39. መስትይታ ናይ ምጽራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 40. ተመክሮ ምውልዋል ፕለክሲጥርሙዝ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 41. ግዳማውን ውሽጣውን ናይ መስኮት ምውልዋል ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

| | |
|---|---|
| 42. መስኮት ክትውልውል ኣየኖት ፍርያትን ኣቑሑትን ከም እትጥቀም ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 43. ከም ሓለቓ ኾይንካ ናይ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

ነዚ ሞያዊ-ዓውዲ ዝምልከት ኣብዚ ቅጥዒ ዘይተጠሰ ተወሳኺ እክለት ምስ ምህልወኩም ኣብዚ ጥቐስዎ::